# መዋም ኩን'ዩ ተጋግዩ?

ውግእ ናይ ቬትናም ምስ ተወድአ ሓደ ጕበዝ ኣመሪካዊ ወተሃደር እቲ ናብ ስድራኡን ንገዝኡን ክምለስ ዝነበሮ ተስፋ ሓቂ ኰይኑሉ ተሓጕሰ። ገና ኣብቲ ስድራኡ ዝነበሩዎ ከተማ ኸይበጽሐ ኸኣ ኣብ ሳን ፍራንሲስኮ፡ ካሊፎርንያ ኰይኑ ተሌፎን ምስ ደወለሎም ንሶም'ውን ሓጕሶም ወሰን ኣይነበሮን።

"ሃለው ... ሃለው፡ መን ክብል?"
"ኣቦ! ... ኣደ! ... ኣነ'የ፡ ኣነ ወድኹም። ንገዛ እመጽእ ኣለኹ፡ ግና ቅድሚ ምምጽኣይ ሓደ ነገር ክትገብሩለይ ክሓትተኩም ዝደሊ ነገር ኣሎ፡ ንሱ ኸኣ ምሳይ ክመጽእ ዝደልዮ ሓደ ሰብ ኣሎ፡" በሎም።

"ጽቡቕ እምበር። ባህ እናበልና ንላለዮ።" ኢሎም መለሱሉ። ንሱ ኸኣ፡ "ሓደ ነገር ብዛዕባኡ ክትፈልጥዎ ዝደልየኩም ግና ኣሎ።" ኢሉ፡ ክነግሮም ቀጸለ። "ኣብ ውግእ ኣዝዩ ዝተሃሰየ እዩ። ፈንጂ ረጊጹ፡ ሓንቲ እግሩን ሓንቲ ኢዱን ተቖሪጹ፡ ዝኸዶ ካልእ ቦታ ድማ የብሉን። ስለዚ ምሳና ክነብር እደልዮ ኣለኹ፡" በሎም።

"እንታይ ትብል ወደይ! ኣዝዩ ዘሕዝን እዩ፡ ግና እንተ ወሓደ ብህይወቱ ተመሊሱ ኣሎ። ንሕና ኸኣ ብወገንና ክንገብረሉ እንኽእል ነገር ይህሉ ይኸውን፡ መን ይፈልጥ ምናልባሽ ክነብረሉ ዚኽእል ቦታ ክንረኽበሉ'ውን ንኽእል ንኸውን፡" ክብሉ ሕዝን ኢሎም መለሹሉ።

ንሱ ግና፡ "ኣይኰነን። ኣነ ምሳና ክነብር እየ ዝደልዮ፡" በሎም። ኣቡኡ ኸኣ፡ "ወደይ፡ እቲ እትሓትቶ ዘሎኻ ይርድኣካ እንተድኣ ኣልዩ፡ ቀሊል ሕቶ ኣይኰነን። ከምቲ እትብሎ ዘሎኻ ጉድለት ዘለዎ ሰብ ኣብ ናብራና ዓቢ ተጽዕኖ ከምጽእ ዝኽእል እዩ። ንሕና ናብራና ኣሎና። ስለዚ ብዛዕባኡ ረሲዕካ እንተ መጻእካ ይሓይሽ። ንሱ ባዕሉ እቲ ዚሕሾ ክገብር እዩ፡" ኢሎም መለሱሉ። እቲ ጕበዝ ወተሃደር ገለ ኸይበለ ነታ ተሌፎን ዓጸዋ። ብድሕሪኡ'ውን እቶም ስድራኡ ካብኡ ደሃይ ኣይረኸቡን።

ድሕሪ ቍሩብ መዓልትታት ግና ካብ ናይ ሳን ፍራንሲስኮ ፖሊስ ቤት ጽሕፈት ተሌፎን ይድወለሎም። ዘይተጸበይዎ ሕማቕ ወረ ድማ ይሰምዑ። ወዮ ወዶም ካብ ህንጻ ጸዲፉ ኸም ዚሞተ ይንገሮም። እቲ ዘርድኦም በዓል መዚ ኸኣ እቲ ኣማውቲኡ ርእሰ-ቅትለት ኢሎም ከም ዚኣምኑ ነገሮም። ብኡንብኡ ኸኣ ንሳን ፍራንሲስኮ ይኸዱ። መንነት ወዶም ከለለልዩ ናብ መዐቀብ ሬሳታት ከይዶም ወዶም ምዃኑ ኣለለይዎ፡ ነቲ ሬሳ ምስ ረኣይዎ ግና ዘይወጽእ ካልኣይ ሓዘን ኰይኑዎም፡ ኣዝዮም ብጓሂ ጣዕ ክብሉ ደለዩ። እቲ ሬሳ ወዶም ሓንቲ እግርን ሓንቲ ኢድን ጥራይ እዩ ነይርዎ።

ካብ Christian Home on the Net ዝተረኽበ።